Tigrinya

# ባቡራት
(Trains)

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት
(Talking activities with toys)

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ
(Talk about what you and your child are doing)

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኸሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ህጻን ውሉድኩም
(With your baby)

- በብተራ ብሎካት፣ እንስሳታት ወይ ካልእ መጻወቲታት ናብ ማካይን ባቡር ኣእትዉ። ከም ውሽጢን ላዕሊን ዝኣመሰላ ቓላት ተጠቐሙ።
- ባቡር ናብ ውሉድኩም ኽትደፍኡ ከለኹም ብዙሕ ድምጽታት ባቡር ግበሩ። ሓሓሊፍኩም ድምጺ ምግባር ኣቛርጹ። ዝያዳ ኺጻወቱ ኸም ዝደልዩ ዘርእዩኹም እንተ ኾይኖም ተጸበዩ። ውሉድኩም ፍሽኽ ኽብል፣ ኽርኢ፣ ኽበጽህ ወይ ድምጽ ኽስምዕ ይኽውን።

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ
(With your toddler)

- ንውሉድኩም ባቡር ኣበይ ከም ዝዝውሩ ንገርዎም። "ኣብ ትሕቲ እቲ ሰደቓ ኺድ"፣ "ብድሕሪ እቲ ወንበር ኪድ" ወይ "ናብ ከረን ሶፋ ኪድ" በሉ።
- በብተራ ንእንስሳታት ወይ መጻወቲታት ናብ ባቡር ኣእትዎም። ከም ዓብዩ ብሎክ፣ ነዊሕ ዝዖታ ወይ ዘብለጭልጭ ኲዕሶ ዝኣመሰለ ገላጺ ቓላት ተጠቐሙ። ቀጺሉ ኣብ ባቡር እንታይ ከም ዘእትው ንውሉድኩም ሕተትዎም። እታ ባቡር ናበይ ትኸይድ ከም ዘላ ሕተቱ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቖልዓ
(With your preschooler)

- ነቲ ባቡር ቤት ትምህርቲ፣ መካነ እንስሳታት፣ ድልድል ወይ መደበር ባቡር ዘለዋ ኸተማ ግበሩሉ። ንተን እተፈላለያ ህንጻታት ብሎካት ወይ ሳጹናት ተጠቐሙ። ብተወሰና ብሎካት ድልድል ወይ መደያይቦ ግበሩ። ምስ ውሉድኩም ኣብዛ ኣምሰሉ ዓለም ተጻወቱ። ንውሉድኩም ከም "እታ ባቡር ቀጺላ ናበይ እያ እትኸይድ?" ዝብሉ ነገራት ሕተቱ
- ብዛዕባ ባቡራት ዝገልጻ ከም The Little Engine/ ዘ ሊትል ኢንጅን ዘ ርእስታ መጽሓፍ ኣንብቡ። ነቲ ዛንታ ብሓባር ኾይንኩም ተዋስኡዎ። ካብ መተርኣስ ጎቦ ክትሰርሑ ፈትኑ።

እዞም ንጥፈታት እዚኦም ኣብ ከም ማካይን፣ ዓበይቲ ማካይን፣ ከምኡውን ንህንጻ መሳርሀታት ዝኣመሰለ ዝኾነ ይኹን ዓይነት መጻወቲ ማካይን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ
(Where to get help)

ናይ ዘረባ ቋንቋ ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።

ንዝያዳ ሃበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ነዚ ዝስዕብ ብጽሑ፡- ahs.ca/talkbox



እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፣ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገበረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

Alberta Health Services

እዋናዊ ካብ ዕለት፡- ፈብሯሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)